# ሕጋዊ ሓገዝ ኣብ ጉዳያት ቀዋሚ መንበሪ ፍቃድ

**NOAS ክትግምግሞም እትኽእል ጉዳያት እንታይ ኢዮም?**

NOAS ናብ ኖርወይ ዳግም ዝተጣየሱ ስደተኛታት ወይ ኣብ ኖርወይ ዑቅባ ሓቲቶም ብመሰረት ጥለብ ዑቅቦኦም መንበሪ ፍቅድ ኣብ ኖርወይ ዝተዋሃቡ ሰባት ጥራሕ ኢዩ ምኽርን ሕጋዊ ሓገዝን ዝህብ ።

**ጉዳይካ ናብ NOAS ስደድ**

እንተደኣ NOAS ንጉዳይካ ክርእየልካ ደሊኻ፡ ውክለናን ቅዳሕ ሰነዳት ጉዳይካን ክትስደልና ኣለካ።

NOAS ንጉዳይካ ክትርእየልካ እንተደሊኻ ክትሰዶም ዘለካ ሰነዳት፡

- ዝተፈረመ ሕጋዊ ውክልና
- ናይ ምንበሪ ፍቃድ ውሳኔ (ዑቅባ ወይ መንበሪ ብመሰርት ሰብኣዊ ርህራሄ)
- ናይ ምንጻግ ውሳኔ ኣብ ጉዳይ ቀዋሚ መንበሪ ፍቃድ እንተለካ

ኣገዳሲ ኢልካ እትኣምነሉ ካልእ ሰነዳት ይኹን ሓበሬታ እንተልካ ክትስደልና ትኽእል

**ጉዳይ ንምግምጋም ዝወስድ ግዜ**

ብዝተኻእለ መጠን ንጉዳይካ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክንርእያ ክንፍትን ኢና። ምስ ዘለና ድሩት ዓቅሚ መብዝሕትኡ ግዜ ጉዳይካ ንግምግም ገለ ኣዋርሕ ክወስደልና ኢዩ።

NOAS ኩሉ ግዜ ንህጹጽ ጉዳያት ኢያ ቀዳምነት ክትህብ ትፍትን። እንተኾነ ግን ኣብታ ጉዳይ ክንዋሳእ ምኧና ዝኾነ ውሕስነት የለን።

**ገምጋም NOAS ኣብ ጉዳይካ**

NOAS ንኹሎም ዝመጽዎ ጉዳያት ይግምግሞም ኢዩ። ቀዳምነት እንህቦም ጉዳያት እቲ ውጺት ንምቅያር ግብራዊ ትኽእሎ ኣሎ ኢልና እንኣምንሎም ጉዳያት ኢዮም።

ኣብ ገምጋምና ካብ እነተኩረሎም ነገራት፡

ካብ ካልኦት ኣካላት ማዕሪ ክንደይ ጹቡቅ ሓገዝ ረኺብካ

እንተደኣ ቅድሚ ሕጂ ብUDI/UNE ዘይተገምገመ ሓዲሽን ኣገዳስን ሓበሬታ ኣሎ ኾይኑን ኣብቲ ጉዳይ ካልእ ውጽኢት ክህብ ይኽእል እንተኾይኑን

እንተደኣ ነቲ ኣብ ጉዳይካ ዝተዋሃበ ናይ ምንጻግ ውሳኔ ክንቅይሮ ኣይንኽእልን ኢና ኢልና ኣሚና ክንሕብረካ ኢና። እቲ መኽኒያት እንታይ ሙኧኑ ከአ ክነብርሃልካ ኢና።